# ህጹጽ ህዝባዊ ጸውዒት።

ህዝባዊ ምንቅስቃስ ንሓድነትን፡ ፍትሕን፡ ድሕንነትን ኤርትራ ኣብ ከትማ ስያትልን ከባቢኣን፡ ካብ'ቲ ኣብ ኤርትራ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ዘስካሕክሕ ዕንወት ሃገርን፡ ህልቂት ህዝብን ምኽንያት፡ ብምብጋስ፡ "ሕጂስ ይኣክል፡ ሕልናና ፈቲሽና ንተንስእ፡ ንበራበር፡ ነድሕን ሃገርና" ኣብ ዝብል ጭርሖ ብምምርኳስ ንኣብ ሲያትልን ከባቢን ዘሎ ሓፋሽ ህዝብና ብምጥርናፍ ብሓባር ኩንካ ብምቅዋም ፍታሕ ንምምጻእ ትጽዕርን፡ ትቃለስን ኣላ።

ህዝቢ ኤርትራ ነታ በማእተ- ኣሽሓት ዝኣክል ህይወት ህዝባን ፡ ብምልዮናት ዝቖጸር ንብረታን፡ ንዋታን ከፊላ ብ 1991 ዘምጸኣታ ነጻነት ሃገር ፈጺማ ከየስተማቐረታ ከላን፡ እቲ ኩሉ ዝነበረ ሃገራዊ ሕልምን ፡ ትምኒትን፡ ባህጊን፡ ብውልቀ መላኺ ኣሳያስ ኣፈርቂን፡ ውሑዳት ተሓባበርቱን ፡ንሕድሪ ስውኣት ብጸቶም ብምጥላምን፡ ብምኽሓድን፡ ስለ ዝተመንዘዔ፡ ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገርና፡ ኣዝዩ ተበኪኑ ተሪፉ፡ ንታሕቲ ኣቢሉ ብቖጻልነት እና ኣንቆልቆለ ድሕሪ ምኻድ ከኣ፡ ኤርትራ ሃገርና ነጻ ሃገር እያ ኢልካ ንከትጽውዓ እውን ኣብ ዘጠራጥር ኩነታት በጺሓ ዘላ ።

እቲ ብውልቀ- መላኺ ኣሳያስ ዝምራሕ መንግስታዊ ቅዋም ዘይብሉ ስርዓት፡ ንከፋፊል ህዝብናን፡ መንእሰያት ደቅናን፡ ብሰንኪ'ቲ ጽንኩርን፡ ዘስካሕክሕን ዝኾነ ዕለታዊ መነባብሮን፡ ፖሊቲካዊ ጭቆናን ምኽንያት፡ ሀገሮምን፡ ስድርኦምን ገዲፎም ከምዝባረሩ ብምግባር፡ ኣብ ፈቐዶ መዲተራንያን ብቐጻሊ ይጥሕሉን፡ ኣብ ሳይናይ መድረበዳ ይቕዘፉን ኣሎዉ። በዚ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ዘስካሕክሕ ቅትለት ኤርትራውያንን፡ ኢትዮጲያውያንን፡ ብኢድ ኣረሜናውያን ዝኾኑ "ኣይሰስ" ዝበሃል ዝመጸውዒያም ኣረሜናውያንን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ማዕበል ናይ መዲተራንያን ባሕሪ ዝጠሓሉ 350 ዝኣኸሉ ኣሕዋትናን ፡ ደቅናን ዝኸፍኣ ኩነታት የለን። ይኹን'ምበር ነዚ ሕሱም ኩነታት'ዚ ውልቀ- መላኺ እሳያስን ሰዓብቱንከ እንታይ ርእይቶ ይህቡሉ ኣሎዉ ኢልና ምስ እንሓትት፡ ርእይቶን፡ መግለጺን ብዘይምሃብ፡ ብውሽጢ- ውሽጢ ንወልዲን፡ ንበተ- ሰብን ሓዘን ንኸይገብሩ የጠንቅቑን፡ የፈራርሑን ከምዘለዉ ይሕበር ኣሎ። ካብኡ ሓሊፉ እቲ ስርዓት ሂወት ናይቶም ዝሞቱ ዘይኮነ ፖለቲካዊ መልክዑ ከምዘገድ ብጋህዲ ን "መልክዕ ሃገርና ትድውኑ ኣለኹም" ኢሉ:: መልክዕ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዘድወን ግን ልዕሊ 25 ኣመታት ኣሕሊፉ ኣሎ:: ብኣንጻሩ ከኣ መላእ ህዝቢ ዓለም ብቅሉዕ ይዛረበሉን፡ ይሓዝኑሉን፡ ይጣበቐሉን ኣሎ። ተራናኸ ደኣ እንታይ እዩ ?

ብተወሳኺ ከኣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ዘሎ ህዝብና እንተኾነ በቲ ብቢዕለቱ ዘጋጥም ዘሎ ዘስካሕክሕ ማእሰርትን ፖለቲካዊ ራዕዲን፡ ጥሜትን፡ ህልቂትን፡ ምሉእ ህዝቢ ዓለም፡ ከብኸየሉን፡ ተቓውሞ ከርእየሉን ከሎ፡ ብኣንጻሩ ከኣ ካብ ደቂ ሃገር ዝኾንና ኤርትራውያን፡ ብቑዕ ዝኾነ ጥርናፈን፡ ተቓውሞን፡ ርህራሄን፡ ተሓባበርነትን ነርኢ የሎናን። እዚ ዘሕዝንን፡ ዘሕፍርን ድኽመት እዩ። ኣብ ገሊኡ ሸነኻትና"ውን ኣብ ከንዲ ኣውያትን፡ ጸሎትን፡ ምህለላን ነርኢ፡ ኣብ ፈቐዶ ጓይላን፡ ዳንከራን ጥሒልና ንርከብ ስለዘሎና፡ ህዝብና ብሰንኪ ተጠርኒፉ ዘይምጽናሑ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ምክፍፋልን፡ ደም ናይ ምፍሳስን ቅድሚ ምብጻሕና፡ ተጠርኒፍና ንናይ ሓባራዊ ሽግርና ናይ ሓባር ፍታሕ ንክንረኽበሉ ናይ ኩልና ናይ ሞራልን፡ ሕልናን ሓላፍነት እዩ።
ብካሊእ ሸነኻት ናይ ህልዊ ኩነታት ሃገርና ከንዕዘብ ከሎና ከኣ፡ ባኣሽሓት ዝቑጸሩ ከፋላት ህዝብና ብዘይተገልጸ ምኽንያት ኣብ ኩሉ ቤተ-ማእሰርቲ ኤርትራን፡ ኣብ ጩራ ጸሓይ ዘይብሉ ፈቖዶ ጎዳጉዲን ፡ ብዘይ ፍርዲ ንብዙሓት ዓመታት ዝኣክል ይሳቐዩ ኣሎዉ። ንሕናኸ ብዛዕብኡን ፡ ብዛዕባ'ቶም ዝተረፉ ካልኦት ዓበይቲ ሽግራት ሃገርና እንታይ ዓይነት ናይ ተቓውሞ ተራ ተጻዊትና ንፈልጥ? ነዘን ሕቶታት እዚኣተን ነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ መልሲ ክህበላ ይግባእ።

ብተወሳኺ ከኣ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ርእሲ ወተሃደራትን፡ ከፍለ ሃገራዊ ጸጥታን ኤርትራ ፡ ፈጺሙ እምነቱ ስለዘጥፍኤ ብታቓወምቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝብል ጉልባብ ዝፍለጥ ዕሱብ ወተሃደራዊ ስርዒት (ደምሒት) እዩ ዝሕሎ ዘሎ። እዚ ዕሱብ ወታሃደራዊ ስርዒት'ዚ ኣብ ርእሲ ህዝብና፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮና ፡ ብዙሕ ግፍዕታት ይፍጽም ኣሎ። እቲ ቀንዲ ዕላምኡ ንስርዓት ኢሳያስ ንምክልኻል ስለዝኾነ፡ ዝኾነ ንመንግስታዊ ንስርዓት ኢሳያስ ዝቃወም ወትሃደራዊ ሓይሊ መስዝትንስእ ፡ ንኽምክቶ ቅሩብ ከምዝኾነ ዘየጠራጥር ሓቂ እዩ፡ ንምምካት'ዚ ዕሱብ ወተሃደር'ዚ ከኣ ናይ ነፍሰ-ወከፍ ኤርትራዊ ሞራላዊን፡ ሃገራውን ሓላፍነት እዩ።

እብ'ዛ ጽንክርቲ ዝኾነት ናይ ዕንወት ሃገርናን፡ ህልቂት ህዝብናን ግዜ'ዚኣ በቲ ካብ ኣቦታትና ዝወረስናዮ ቅኑዕ ባህልና ዝሕብሮ መሰረት፡ መራሕቲ ሃያምኖትናን፡ ዓበይቲ ዓድናን፡ ናይ መሪሕ ተራ ክጻወቱ ስለ ዘሎዎም፡ ማሕበር፡ ንሓድነትን፡ ፍትሒን፡ ድሕነትን ኤርትራ፡ ብሕልፊ'ኳ ንመራሕቲ ሃይማኖትና መሪሕ ተራ ንኽጻወቱ ህጹጽ ጸውዒት ትገብረሎም ኣላ። ፍሉይ ሕቶን፡ ርእይቶን፡ ለበዋን፡ ምስ ዝህሉ ከኣ ኣብ 206 334-3554 ወይ ከኣ 206-271-3656 ብምድዋል መልሲ ክርከብ ይከኣል እዩ።

ዘለዓለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና !!

ህዝባዊ ምንቅስቃስ ንሓድነትን፡ ፍትሒን፡ ድሕነትን ኤርትራ ኣብ ሲያትልን ከባቢኣን።